ቑፅሪ ___________________________

ዕለት___________________________

# ጨረታ ሊዝ ቑፅሪ 40

ኣብ ብሄራዊ ክልላዊ መንግስቲ ትግራይ ቤት ፅሕፈት ግልጋሎት ከተማ መቐለ ብውሳነ ካቢኔ ከተማ መቐለ መሰረት ናይ ከተማ ቦታ ብሊዝ ንምሓዝ ብዝወፀ ሊዝ ደንቢ ቑፅሪ 62/2002 መሰረት ንንግዲ፣ ንመንበሪ ፣ ንኣሙዝመንት ፓርክ፣ ንከተማ ሕርሻ፣ ንመኽዘን ፣ ንቤት ትምህርቲን ግልጋሎት ዝውዕል 132 ቦታታት ኣብ ከባብያዊ ግልጋሎት ዓዲ ሓቂ፣ ሓወልቲ ፣ ዓይደር ፣ ሓድነት ፣ ሰሜንን ኲሓን ኣዳልዩ ብሊዝ ጨረታ ኣወዳዲሩ ክሸይጥ ይደሊ።

## መተሓሳሰቢ

1. ንጨረታ ዝቐረቡ ቦታታት ዝርዝር መግለፂ ዝምልከት ኣብ ኩለን ከባብያዊ ግልጋሎት ፣ ኣዋሽ ባርን ሬስቶራንትትን፣ ኣብ ቤት ፅሕፈት ግልጋሎት ከተማ መቐለ፣ ንሊዝ ግልጋሎት ጥራሕ ኣብ ዝተዳለዉ መለጠፊ ምልክታ፣ ከምኡእውን ኣብ መርበብ ሓበሬታ http://www.mekelecity.goc.et, http://www.mekelleadministration.gov.et

ምርኣይ ይከኣል፣

2. ተጫረቲ ናይ ጨረታ ሰነድ ኣብ ሓድሽ ህንፃ ምምሕዳር ከተማ መቐለ ኣብ ዝርከብ ዋና ቤት ፅሕፈት ግልግሎት ከተማ መቐለ እቶት ክፍሊ ብምቕራብ ካብ ጥሪ 28/2005 ዓ/ም ክሳብ ለካቲት 06/6/2005 ዓ/ም ኣብ ስራሕ ሰዓታት ዘይምለስ ብር 150.00 /ሓደ ሚኢቲን ሓምሳን ብር/ እናኸፈልኩም/ክን ሰነድ ምግዛእ ትኽእሉ/ላ ምኽንኩም/ክን እናገለፅና እቲ ጨረታ ረቡዕ 6 ለካቲት 2005 ሰዓት 11፡00 ተዓፅዩ ሓሙስ 7 ለካቲት 2005 ዓ/ም ተጫረቲ ወይ ሕጋዊ ወከልቶም ኣብ ዝተረኽብሉ ንጉሆ ሰዓት 3፡00 ኣብ ኣደራሽ ቤት ፅሕፈት ዋና ግልጋሎት ከተማ መቐለ ይኽፈት፣
3. ተጫረቲ መኽበሪ ጨረታ እንተነኣሰ ናይ ዘቕረብዎ ጠቕላላ ዋጋ 1% ብሲፒኦ ጥራሕ ከቕርቡ ኣለዎም፣
4. ተጫረቲ ካብቲ ናይ ቦታ መርኣይ ሳይት ፕላን ኣብ ዘዳልዎ ብምምራፅ ዝመረፅዎ ቦታ ቑፅሪ/ኮድ/ ፣ ስፍሓት ብሜ2 ፣ ንሓደ ሜ2ን ጠቕላላ ዋጋ ክኸፍልዎ ዝወሰድዎ መጠን ገንዘብ፣ ክኸፍልዎ ዝወሰድዎ ቅድመ ኽፍሊት (ብሚኢታዊን/%/ ብመጠን ገንዘብ)፣ ዝተረፈ ክፍሊት ዘጠናቕቕሉ ዘመን ዓመት፣ ዝፍፅምዎ ዓመታዊ ክፍሊቶምን ብምግላፅ ኣብ ዝዓደግዎ ሰነድ ባዕሎም ክመልኡ ይግባእ ፣
5. ተጫረቲ ናይ ቀበሌ መለለዪ ካርዲ፣ ናይ ቦታ ሓበሬታ ሳይት ፕላን ፣ ጨረታ ሰነድ ዝገዝእሉ ኦርጅናል ደረሰኝ/ ፃዕዳ/ ፣ ዘትሓዝዎ ብባንኪ ዝተረጋገፀ ናይ ጨረታ መኽበሪ ሲፒኦን ብኣግባቡ ዝተመልአ ናይ

ጨረታ ሰነድን ኣተሓሒዞም ብሽምዒ ብዝተዓሸገ ኢንቨሎፕ ኣብቲ ንሊዝ ጨረታ ዝተዳለወ ሳንዱቕ ካብ ዕለት28/05/2005 ክሳብ 6/6/2005 ዓ/ም ኣብ ዘሎ እዋን ከእትውዎ ኣለዎም፣

6. ብተወሳኺ ተጫረቲ ኣብ ርእሲ እቲ ዝተዓሸገ ኢንቨሎፕ /ፖስታ/ ሙሉእ ሽሞምን ናይቲ መሪፆም ዝወዳደርሉ ቦታ ቑፅሪ /ኮድን ክፅሓፍ ኣለዎም፣
7. ኩሉ ዓመታዊ ክፍሊት ሊዝ ብሔራዊ ባንክ ብዘቐመጦ መጠን ወለድ ሓዊሱ ዝኸፈል እዩ።
8. ቤት ፅሕፈትና ዝሓሸ መማረፂ እንተረኺቡ ነቲ ጨረታ ብሙሉእ ይኹን ብክፋል ናይ ምስራዝ መሰሉ ሕልው እዩ ።
9. **ዘመን ግልጋሎት ብዓይነት**
    - ንንግዲ /ድርጅት/ ንኣሙዝመንት ፓርክን መኸዘንን ግልጋሎት ዘመኖም 70 ዓመት እንትኸውን መኽፈሊ እዋን ድማ 50 ዓመትን ትሕቲኡን እዩ፣
    - ንመንበሪ ዝተዳለዉ ቦታታት ናይ ግልጋሎት ዘመኖም 99 ዓመት መኽፈሊ እዋን ድማ 90 ዓመትን ትሕቲኡን እዩ፣
    - ንከተማ ሕርሻ ዝተዳለዉ ቦታታት ናይ ግልጋሎት ዘመኖም 15 ዓመት መኽፈሊ እዋን ድማ 15 ዓመትን ትሕቲኡን እዩ።
    - ንቤት ትምህርቲን ኣፀደ ህፃናትን ዝተዳለዉ ቦታታት ናይ ግልጋሎት ዘመኖም 99 ዓመት መኽፈሊ እዋን ድማ 50ን ትሕቲኡን እዩ
10. **ኣገዳሲ ሓበሬታ ስርዓት ውድድር ጨረታ ሊዝ**
    1. ንፈለማ ጊዜ ዝወፀ ጨረታ ትሕቲ 3 ተወዳደርቲ እንተቐሪቦም እቲ ጨረታ ይስረዝ ፣ ንካልኣይ ጊዜ እንትወፅእ ግን ግቡኡ ዘማልአ ሓደ ተጫራታይ ክስዕር ይኽእል እዩ፣
    2. ኣብዚ ጨረታ ተዓወትቲ ንምውሳን እዞም ዝስዕቡ መመዘኒ ነጥብታት ይምዘኑ

       ሀ/ ነንሕድሕዱ ቦታ መበገሲ ዋጋ ዝተቐመጠሉ ኮይኑ ብተወዳደርቲ ዝቐረበ ናይ ሓደ ሜ$^2$ ነፀላ ዋነ 80% ይምዘን፣

       ለ/ ምኹሉ ዓይነት ግልጋሎት ቅድመ ክፍሊት መበገሲ 20% ኮይኑ ብተወዳደርቲ ዝቐረበ ቅድመ ክፍሊት 10% ይምዘን

       ሐ/ ድሕሪ ቅድመ ክፍሊት ዝተረፈ ክፍሊት ዝፍፀመሉ ዓመት/እዋን ኣብ ዝሸየጥ ሰነድ ዝተጠቐሰ ኮየኑ ብተወዳደርቲ ዝቐረበ መኽፈሊ ዓመት እዋን 10% ይምዘን።

¤ ኣብ ላዕሊ ዝተቐመጡ ሓፈሻዊ መወዳደሪ ረቛሒታት መሰረት ነፀላ ዋጋ ሓደ ሜ$^2$ 80% ፣ ቅድመ ክፍሊት 10% ከምኡውን ዝተረፈ ክፍሊት መዛዘሚ ዓመት 10%ብምምዛን ሰዓራይ ይፍለ።

**ኣብነት**

ንንግዲ ግልጋሎት ኣብ ዝቐረበ ቦታ ሰለስተ ሰባት ተወዳዲሮም ኣለዉ። ናይዚ ቦታ መበገሲ ዋጋ ብር 1248.00፣ዝነውሓ ናይ ሊዝ መኽፈሊ ዘመን 50 ዓመት፣ ዝነኣሰ ቅድመ ክፍሊት ድማ 20% እዩ። ሰለስቲኦም ሰባት ዘቕረብዎ ዋጋ፣ መኽፈሊ እዋን ንቅድመ ክፍሊትን ከም ዝስዕብ ይመስል።

| ተጫራቲ | መበገሲ ዋጋ | ቅድመ ፍሊት | መኽፈሊ ዘመን |
|---|---|---|---|
| ገብረ | 1300 | 50% | 40 |
| ናስር | 1500 | 40% | 20 |
| ሃይኩባንያ | 1400 | 30% | 10 |

ብመሰረት መምርሒ ሊዝ መበገሲ ዋጋ ብ 80% እንትምዘን ቅድመ ክፍሊት ንመኽፈሊ ዘመንን ድማ ሕድሕዶም ብ10% ይምዘኑ። ስለዚ ብመስርሕ

2. ዝለዓለቅድመክፍሊት

ገብረ (50 ÷50) X 10 = 10

ናስር (40 ÷50) X 10 = 8

ሃይኩባንያ (30 ÷50) X 10 = 6

3. ዝሓፀረመኽፈሊዘመን

ገብረ (10 ÷40) X 10 = 2.5

ናስር(10 ÷20) X 10 = 5

ሃይኩባንያ (10 ÷10) X 10 = 10

ስለዚኣብሰለስቲኡዝተረኽበውፅኢትብምድማርጥቕሉልሰ ዓራይይንፀር፡-

| ተጫራቲ | መበገሲ ዋጋ (80%) | ቅድመ ፍሊት (10%) | መኽፈሊዘመን (10%) | ጠቕላላውፅኢት (100%) |
|---|---|---|---|---|
| ገብረ | 69.3 | 10 | 2.5 | 81.8 |
| ናስር | 80 | 8 | 5 | 93 |
| ሃይኩባንያ | 74.7 | 6 | 10 | 90.7 |

**ንተወሳኺ ሓበሬታ ብስልኪ ቑፅሪ 0344- 41 07 65 ደዊልኩም ርኸቡና**